# ጋዜጣዊ መግለጺ ብ ምትእኽኻብ ኤርትራዉያን ኣብ ሆላንድ፡

ኣብ'ዚ ሎሚ ጊዜ፡ ኣብ ልዕሊ መላእ ወዲሰብ፡ ኣብ ዓለምና ተኸሲቱ ዘሎ ተላጋቢ-ሕማም ረኸሲ ሻምብቆታት ሳምቡእ ብድቀቕቲ-ነፍሳት (Coronavirus (COVID-19) ዝበሃል ቀታሊ ሕማም ፡ ማሕበራዊ ቀጸላኻ፡ ሕብርኻ፡ ዓሌትካ፡ ሃይማኖትካ፡ ዕድሜኻ:...ወ.ዘ.ተ ብዘይምፍልላይ ንመላእ ማሕበረሰብ-ዓለምን ሰብኣዉነትን ኣሻቒሉ፡ ሂወት ኣዝዮም ቡዙሓት ሰባት ኣብ ምቕዛፍን ይረከብ ኣሎ ። ከም ሳዕቤኑ መዓልታዊ ኣሽሓት ዝሞትሉን ዓሰርተታት ኣሽሓት በቲ ሕማም ዝልከፍሉ ዘለዉ ወቕቲ፡ ከም ሳዕቤኑ ኣብ ቁጠባዊን ማሕበራዊ ሂወት ኣህዛብ ዓለም፡ ዓቢ ዕንወት ወሪዱ ከምዘሎ ንግንዘቦ ጉዳይ'ዩ።

ኣብ'ዚ ኣዝዩ ባህሪ ዝፈጠሮ ተሃዋሲ ኩነታት፡ ንሕና ኣብ ተዛማዲ ዉሕስነትን ክንክን-ጥዕና ዘሎወን ሃገራት ዓለም እንርከብ ኤርትራውያን ዜጋታት፡ ብመጠኑ ካብቶም ኣብ ፈቐዶ ስደትን በረኻን (መዓስከራት ስደተኛታ ኢትዮጵያ፡ ሱዳን፡ ሊብያን ግብጽን) ተበቲኖም ጌና ኣብ ንቡር መዕረፊኦም ዘይበጽሑ ዜጋታትና ስለእንሓይሽ፡ ኣብ ገጢሙዎም ዘሎ ጸገማት ምቕላልን ምሕጋዝን ሰብኣዊን ሃገራዊን ግዴታት ስለዘሎና፡ ኣብ ሂወቶም ንምድሓን ኣሰራት ኣጸብዕትናን ኣእጋርናን ንክህሉዎ ወሲና ኣሎና።

ካብዚ ብምብጋስ ድማ ንሕና ኣብ ሃገረ ሆላንድ እንነብር ኤርትራዉያን፡ ብምትሕብባር ናይ ዝተፈላለያ ናይ ኤርትራውያን ማሕበራት ኣብ ሆላንድን ካልኦት ግዱሳት ተቓለስቲ ወልቀ-ዜጋታትን ክኢላታት ኤርትራውያንን ፡ ተጠርኒፍና ብሓደ ነዚ ዝስዕብ ሰብኣዊ ስራሕ ክንሰርሕ ተበጊስና ኣለና ።

- ብዓቕምና ዘፍቀዶ ገንዘባዊ ሓገዝ ብማሕበር ደረጃ ይኹን ብወቀ ሰብ ደረጃ ከነዋጽእ።
- እቲ ዝወጸ ገንዘብ ብግሉጹነትን ተሓታትነት ዘለዎ መገዲ ክእከብን ክትሓዝን።
- ነቲ ብሕጂ ዝዋጻእ ገንዘብ፡ ተጸኒዑ ቀዳምናት ነቶም ኣብ ኣዝዮም ኣብ ከቢድ ሽግራት ተሳጢሖም ዘለዉ ዜጋታትና ከምዝበጽሕ ክግበር'ዩ።
- እቲ ኩሉ ዝተዋጸኤን ዝተዋህበን ገንዘብ ድማ፡ ንኩሉ ዝለገሰን ዘይለገሰን (ንመላእ-ህዝቢ)ብተሓታትነት ጽብጻብ ብጽሑፉን ብኣካልን ከነቕርብ ኢና።

ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ከቢድ ሓላፍነት ዝመልእ ስራሕ እተሳልጥ፡ ብወከልቲ ህዝቢ ዝተመርጸት ሽማግለ ድማ ኣቒምና ኣለና ። እዛ ሽማግለ እዚኣ በዞም ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘለዉ ተቓለስቲ-ዜጋታት ዝቖመት እያ ።

1. ኣቶ ዳዊት ሓጎስ፡

2. ኣቶ ግርማይ ዑቕባሚካኤል፡

3. ኣቶ ተስፋኣለም ገብረስላሴ፡

4. ኣቶ ስዒድ ዓብደላ፡

5. ኣቶ ስዒድ ተወከል፡

6. ኣቶ ተስፋይ ርእሶም፡ እዮም።

ዋላ እኳ እታ ሽማግሌ እዛ ብዝርዝር ኣብ ላዕሊ ተገሊጸ ዘላ ትኹን እንበር፡ ነዛ ሽማግሌ'ዚኣ ዝተሓጋገዝዋ ኣገደስቲ ተቃለስቲ ዜጋታት ከምዘለዉ እዉን ክንሕብረኩም ንደሊ።

ዝኸብርኩም ኣሕዋትን ኣሓትን፡ ኣብ ሃገር ሆላንድን ኣብ መላእ ዓለም ዘለኹም ኤርትራዉያን ዜጋታት፡ ነዚ ቅዱስን ሰብኣዊን ስራሕን ነቶም ሕግን መሰልን ተነፊግዎም ዝካታዓሎም ዘይብሎም ኣብ መዕረፊኦም ዘይበጽሑ ዜጋታትና፡ ክንሕግዝ ጉቡኡና'ዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ ባዕልና ኢደይ-ኢድካ ኢልና ንኽእሎ ገንዘባዊ ን ነገራዊን ሓገዛት ከነወፊ ብትሕትና ንምሕጸንን ንጽዉዕን ኣሎና።

ከምቲ ዝብሃል " ሓሙሳ ሌሙን ንሓደ ሰብ ጸሩ፡ ንሓምሳ ሰባት ድማ ጨና ስለዝኾነ " ሓገዝ ይዉሓድ ይብዛሕ ብዘየገድስ ሓገዝ'ዩ፡ ኣብ ሂወት-ጽጉማት ድማ መድሕ ዝኸዉን ስለዝኾነ ሓገዝኩሙን ልግሲኹምን ኣይነፈገና!

ነቲ ክትልግስዎ ዝመደብክሞ ገንዘብ በዚ ዝስዕብ ሕሳብ-ባንኪ ክትሰድዎ ይክኣል'ዩ፡-

BANK: ING

Ten name van (Bank Account Holder): VEAO

IBAN:  NL11 INGB 0006 4484 79

BIC code: INGBNL2A    (ነቶም ካብ ሆላንዲ ወጻኢ ከትልእኩ ትደልዩ)

Omschrijving:  Hulp CONVID-19

(መራኸቢታት) ንዝኾነ ይኹን ሕቶን ርእይቶን፡ ብዛዕባ እዚ ዝካየድ ዘሎ ቅዱስ ስራሕ ናይ ኤርትራውያን ብኤርትራውያን ንኤርትራውያን ድማ፡ ነዞም ኣብ ታሕቲ ተሮቚሖም ዘለዉ ኣሕዋት ክትውከስዎ ትኽእሉ ኢኹም ።

ን ኣቶ ዳዊት ሓጎስ :  +316 84148871

ኣቶ ስዒድ ዓብደላ፡ +31611271226

ኣቶ ተስፋይ ርእሶም:  +31686358278

ምስ ሃገርዊን ሕውነታዊ ሰላምታና !

ካብ ህዝቢ፡ ንህዝቢ ብህዝቢ!

ሽማግለ ፡

ምትእኽኻብ ኤርትራዉያን ኣብ ሆላንድ፡

12 ሚያዝያ 2020